**ቤት.ጽ/ፕ/ሚኪኤል                    ምሸት+ንግሆ             05-07-01**

# ኮሚሽን ሕቶ ካሕሳ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብክልቲኤን ሃገራት ንዝቐረበ ጥርዓት ሰሚዑ።

------------- 0 -------------

ብመሰረት'ቲ ብ 12 ታሕሳስ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ዝቖመ ኮሚሽን ካሕሳ፡ ካብ 1 ክሳብ 3 ሓምለ ናይ ክልቲኤን ሃገራት ጥርዓን ከምዝሰምዐ ካብ ዘ ሄግ ነዘርላንድ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ኣብ ዘ ሄግ፡ ነዘርላንድስ ዝተኻየደ መገባእያ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንቅጥዓዊ ጉዳያትን ዓቐን ካሕሳን ጠለባት ዝቐርበሉ ገደብ ግዜን ኣመልኪተን መጎትአን ኣቕሪበን።

እቲ መስርሕ ምስማዕ ጥርዓን፡ ውጽኢታዊ ከምዝነበረን እቲ ኮሚሽን ኣብ ዝመጽእ ውሑድ ኣዋርሕ ኣብ ምጉት ዝተኻየደሉ ነጥብታት ውሳኔኡ ከምዝገልጽን ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

ብዘይካዚ ክልቲኤን ሃገራት ብ2 ሓምለ ነቲ ኣብ ዘ ሄግ ዝርከብ ኮሚሽን ዶብ መጎተአን ብጽሑፍ ከምዘቕረባ ተፈሊጡ ኣሎ።

----------ኣዜኤ-----------